# ንጋባእ

## መእትዊ፡

ጽማቕ ናይ`ቲ ኣብ ዝሓለፈ ኣዋርሕ ብረድዮ ድምጺ ኤርትራ ዝተፈነወ መደብ ንጋባእ`ዩ። ንመንፈስን ትሕዝቶን ዘንጸባርቕ ድኣ`ምበር ቃል-ንቓሉ ክሰምዕ ዝደሊ ነቲ መደብ ይወከስ። ንኣበርክቶ ሬድዮ ድምጺ ኤርትራን መርበብ መስከረምን መርበብ ስኒትናን ነሞጉስ። መደብ ንጋባእ ንኽዕወት ዘይሕለል ጻዕሮም ክቕጽሉ ድማ ንላቦ።

ክቡር ኣንባቢ፡ ስትራተጂ ንጋባእ ብዋንነት ህዝቢ ብተሳትፎ ነፍሲ-ወከፍና ዝዕወት ንጠቕሚ ሕጅን መጻእን መላእ ሃገር ዝውዕል ናይ ህዝቢ ማዕበል`ዩ። ንሕና እቶም ኣብ ስትራተጂ ንጋባእ ንኣምን ኤርትራውያን እቲ ምንቅስቓስ ኮነ ሃገርና ኤርትራ ማዕረኤኹም`ዩ ዝብጻሓና። ከም ኣደረ ልኡኻት ድኣ`ምበር ዝያዳኹም ክእለትን ሓልዮትን ኣጥሪና ኣይኮናን። ጻዋዒትና ብሓፈሻ ንኹሉ ኤርትራዊ ብፍላይ ከኣ ነቶም ሰብ-ሓቦ፡ ነቶም ሰብ-ሓሰኻ፣ ነቶም ሰብ-ኒሕ ፣ ነቶም መላእ ሃገር እናተሳሕገት ደቂሶም ክሓድሩ ነብሶም ዘይገብረሎም፡ ነቶም ሰብ ዕብ፡ ነቶም ብውርደት ህዝቦም ዝሓፍሩ፡ ነቶም ደቂ - ህዝቢ፡ ነቶም ህዝቦም እናተኻላበተ ክርእዩን ክሰምዑን ድቃስ ዝኣብዮም ..... እዩ`ሞ ሃየ ተለዓሉ!! ሃገርኩም ኣድሕኑ! ክብርኹም ምለሱ!! ንስዉኣትኩም ከሓሱ!!! ሃየ ተጋብኡ።

## ሀ. ብዛዕባ ንጋባእ

1) ንጋባእ ኩሉ-ሓቈፍ እዩ። ኣብ መንጎና ዋላ ሓደ ዝንጸል፣ ዝነዓቕ፣ ዝዋሰን፣ ዝቆናጸብ የለን። ኣብ ንጋባእ ረብሓ ዘይብሉ ኤርትራዊ የለን።
2) ንጋባእ ተጻባኢ ኣይኮነን፣ ሰላማውን ሃናጽን`ዩ። ሓድነት ሃገርን ዕብየት ህዝብን ዘውሕስ ናይ ቁም-ነገር ስትራተጂ እዩ። ንጋባእ ቢሂጋዊ ፖለቲካ ኣይኮነን፣ ክትግበር ዝክኣል ምስ ኩነታትናን ታሪኽናን ዝዛመድ ብጽሞና ዝተሓሰበሉ ስትራተጂ እዩ።
3) ንጋባእ ብሓባር ክንሓስብ፡ ብሓባር ክንሰርሕ፡ ክንተዓረቕ፡ ክንከባበር፡ ብሕጊ ክንግዛእ፡ ክንተኣማመን፡ ራህዋን ቅሳነትን ክንፈጥር፡ ትካላት ሃገረ-ኤርትራ ክንሃንጽ ኣፍደገ ዝኸፍተልናን ዘብቅዓናን ስትራተጂ እዩ።
4) ንጋባእ ንኹሉ ዓቕምታትና ኣዋህሊልና ባዕልና ሽግራትና ክንፈትሕ ዘኽእል፡ ስትራተጂ እዩ። ካብ ዕንደራ፡ ካብ መጽሓፋውነት፡ ካብ ህውተታ! ካብ ምቕዳሕ ምስ ኩነታትና ዘይዛመድ ሞዴል፡ ካብ ግዳማዊ ኢድ- ምትእትታው ... ወዘተ ሓራ ኮይንና ብሓቀኛ ተሳትፎ መላእ ህዝብና ንኩዉን ሽግራትና ግባራዊ ፍታሓት ከነናድየሉ ዕድል ይኸፍተልና። ዝሓለፈ ኣሉታዊ ተመኩሮና ዘሎ ጉጅላዊ ዓቕምታት ወዲብካ ነንሓድሕድና ምውድዳርን ምቅንጽጻልን ኔሩ። ሓድ-ሕድ ምስርራዝ ሱር ሰዲዱ`ስ ከም ቅቡል ተወሲዱ። ሕጂ ግን ብምግባእ ኩሉ ዓቕምታትና ኣዋህሊልና ኣብ ረብሓ ኩሉ ነውዕሎ።

5) *ምግባእ ናይ መን? ናይ ኤርትራዊ ውልቀ-ዜጋ። ልክዕ ከም`ቲ ሕቶ ዲሞክራሲ፡ ሕቶ ምግባእ ናይ ውልቀ-ሰብ እዩ። ኤርትራዊ ውልቀ መሰሉ ብምግባእ ኣቢሉ የረጋግጽ። ሃገራዊ ጉቡእ ከኣ ብንጡፍ ምግባእ ኣቢሉ የማልእ። ምግባእ፡ ብሓደ ጊዜ መሰልን ጉቡእን ኤርትራዊ ዜጋ እዩ። ዋና ምግባእ መን`ዩ? ህዝቢ። ብየናይ ኣገባብ? ብወልቀ-ሰብ ኣቢሉ።*
6) *ጉጅለ`ኸ? ብውልቀ ሰባቱ ኣቢሉ ይጋባእ። እቲ ጉጅላዊ ሕቶ ኣብ ውሽጢ`ቲ ውልቀ-ሰብ ናይ`ታ ጉጅለ ዕቑር እዩ። እንተ`ቲ ጉጅላዊ ወጸዓን ሕቶን ግን ብጅምላዊ ፍታሕ እዩ ዝዓርፍ። ጅምላዊ ፍታሕ … .. ሕቶ ደቂ-ኣንስትዮ፡ ሕቶ ውሑዳን … ወዘተ እውን ኣብ ውሽጢ ምግባእን ብምግባእን እዩ ሓቀኛ ፍታሕ ዝናደየሉ። ጉቡእ ፍታሕ ናይ ኩሉ ሃገራዊ ሕቶ ብምግባእ፡ ብቀጻሊ… ምግባእ እዩ ጉቡእ ፍታሕ ዝርከበሉ። ብርግጽ፡ ኩሉ ሽግራትና ብሓደ ኣዋጅ፡ ኣብ ሓደ ኣኼባ፡ ብሓደ መዓልቲ፡ ብሓደ መድረኽ፡ ብሓደ ወለዶ … ይፍታሕ ማለት ኣይኮነን። እንተኾነ ግን በብስሉ ኣብ እዋኑ ፈቲሕና ንዘይበሰለ ንመጻኢ ትውልዲ ንሓድጎ። ከምቲ ኩሉ ኣህዛብ ዓለም ዝገብሮ።*
7) *ንጋባእ! ክትብሎ ቀሊል፡ ግዳ ከኣ ከቢድ ፖለቲካዊ ሚዛንን ትርጉምን ዝሓዘለ ኣምር እዩ። መላእ ሃገር ምግባእ ወሳኒ ፖለቲካዊ ዓወት እዩ። ታሪኽ ወዲ ሰብ ካብ ቀደም ክሳብ ሕጂ ተመልከት። ካብ ፓሪስ ኮምዩን፡ ካብ ስፓርተክስ፡ ጀሚርካ ብባዓል ማንደላ ብባዓል ጋንዲ ብባዓል ማርቲን ሉተር ኣቢልካ ናብ ታሕሪር ስኰር … መብዛሕትኡ ዓበይቲ ፍጻሜታት ብተሳትፎ ህዝቢ እዩ ተኻይዱ። ኣብ ሃገርና ዓይንኻ ዝደጉሑ ዓበይቲ ሽግራት ተኹሚሮም ንምልከት። ሓቀኛ ተሳትፎ መላእ ህዝቢ ኣዝዩ ወሳንን ኣድላይን እዩ። ንጋባእ ነዚ ጠለብ`ዚ የማልእ።*
8) *ንጋባእ ማይ-ኮያ ፖለቲካዊ ታሪኽ ኤርትራ ይፈጥር። ዕዉት ምግባእ ንፖለቲካ ሃገርና ጨሪሱ ናብ ኣወንታ ገጹ ይቕይሮን የቕንዮን። ቅድሚ ምግባእን ድሕሪ -ምግባእን ፖለቲካዊ ባህልናን ታሪኽናን መሰረታዊ ፍልልይ ይህልዎ። እሞ ከኣ ንጠቕሚ ነፍሲ-ወከፍናን መላእ ህዝብናን።*

## ለ. ኣድላይነት ምግባእ፡

1- *ሃገርና ብኹሉ መዳያት ስለዝደኸመት፣*
2- *ዛጊት፡ ቅቡልነትን ተሰማዕነትን ዘለዎ፡ ሃገር ከውሕስ ዝኽእል ፖለቲካዊ ውድብ ስለዘይብልና፣*
3- *ናይ ግዳም ሓይልታት ብድኽመትና ተወናዊኖም ኣብ ልዕሊ ሃገርን ህዝብን መደባቶም ክትልሙን ከተግብሩን ስለዝኽእሉ፣*
4- *ኣብ ሃገርና ኣብ ረርእሲ ተኹሚሩ ዘሎ ቅልውላዋት ናይ ስልጣን ባዶነት ከስዕብ ስለዝኽእል፣*
5- *ታሪኽና ብመዓት ፍታሕ ዝሳኣነ ሽግራት ዘቕቢቡ ንቕድሚት ተወዚ ከብለና ስለዘይክእል … ብህጹጽ ንጋባእ! ንጋባእ! ንጋባእ!!!*
6- *ምግባእና ቀጻልነትን ልዑላውነትን ሃገርን ህዝብን ብዘተኣማምን ደረጃ ከውሕስ ይኽእል እዩ በሃልቲ ኢና።*
7- *ምግባእ ነቲ ብሓድ-ሕድና ምቅንጽጻልን ዝጨቀወ ደማዊ ታሪኽና ናብ ሰላምን ምክብባርን ከሰጋግሮ ይኽእል።*
8- *ምግባእ ትካላት ሃገር ምህናጽ ምጅማር እዩ። ሃገርን ምህናጽ ሃገርን ብሓደ ቃል ምህናጽ ትካላት ማለት`ዩ። መጀመርያ ትካል ሃገር ምስራተ-ቅዋም እዩ። ግዝኣተ ሕጊ ምርግጋጽ ቀዳማይ ስጉምቲ ምትካል ሃገር እዩ። ሃገራዊ ምግባእ ሓደን መተካእታ ዘይብሉን ስትራተጂ እዩ።*

## ሐ. ንጋባእን ፖለቲካዊ ውድባትን፥

1. ዋላ`ኳ ንሕናን ንሶምን ደቂ ሓደ ህዝብን ሃገርን ብጉዳይ ኤርትራን ህዝባን እንተኾና፡ ስራሕና ነንበይኑ`ዩ። ንሕና ካብ ታሕቲ ንላዕሊ፡ ንሶም ካብ ላዕሊ ናብ ታሕቲ።
2. ግደ ሓቂ ዘጋጨ የብልናን፣ ሰስራሕና ፈሊጥና እንተሊና።
3. <u>ዝእመን ጭቡጥ ናይ ለውጢ ሓይሊ ከፍርያ ካብ ዘይከኣላ፡ ህዝብና ተጋቢኡ ፍታሕ ከናዲ ከሳናኽለኦ ኣይግባእን።</u>
4. ብዕዉት ምግባእ ህዝቢ ኤርትራ ናይ መብዛሕተአን ውድባት ህልውና ከብቅዕ እዩ።
5. ድሕሪ ዕዉት ምግባእ ህዝቢ ኤርትራ፡ እተን ውድባት ብሃገራዊ ብቕዓት ክምዘና እየን።
6. ዕዉት ምግባእ ንፖለቲካዊ ውድባት ኤርትራ ይገርሐንን ይሰርዐንን።
7. ዕዉት ምግባእ ንኣጀንዳታት ሃገርና ብቐደም-ተኸተል ይሰርያን ይውግኖን። ፖለቲካዊ ውድባት ከኣ ብመሰረት ድልየቱን ቀዳምነቱን ክዋሳኣ ይግድደንን የተባበዐንን።
8. ማዕረ ተኣዛዝነተን ንድልየት ህዝቢ ኤርትራ ስልጣን ሃገረ-ኤርትራ ናይ ህዝቢ ም`ዃኑ ይረጋገጽ። ድሕሪ`ዚ ፖለቲካ ሃገርና ሰላማውን ርጉእን ይኸውን። ልዑላውነት ህዝቢ ኣብ ርእሲ ማንም በዚ ኣቢልካ ይረጋገጽ።
9. ንፖለቲካዊ ውድባትና፣ ህዝብና ተጋቢኡ ቀዳምነቱን ድልየቱን ክሰርዕ ከይተሓናኸለኦ ውሕስነቱ እንታይ`ዩ? ባዕሉ ህዝብና ብውልቀ-ሰባቱ ኣቢሉ ንጡፍ ተሳትፍኡ ምስዘረጋግጽ ጥራሕ`ዩ ብፖለቲካዊ ውድባቱ ዝኸብር። ዘይተወደበ ህዝቢ ብፖለቲካዊ ውድባቱ ኣይከብርን`ዩ። እኳ ድኣ፡ ኣብ ርእሱ እንተሸናሉ`ውን ኣየገርመናን። መንግስቲ ማዕረ ዓቕም`ኻ የኽብረካን ይፈርሓካን።

## መ. ንጋባእ ክሳብ መዓስ?

1. እታ ዘመናዊት ሃገር ኩሉ ግዜ ምስተጋበአት እያ።
2. ሓደ ካብ`ቲ ቀንዲ ተደላይነትን ህጹጽነትን ምግባእ ሃገርና ብበኾራ ሲቪላውያን ማሕበራት ስለእትሳቐ እዩ።
3. ንሓደ ዘመናዊ መንግስቲ ብዘይዕረፍቲ እዚኣ ኣጉዲልካ! እዚኣ ወሲኽካ እናበላ ካብ`ቲ ጉቡእ መስመር ፈልከት ከይብል ዝከታተለኦ፡ ካብ ፖለቲካዊ ሰልፍታት ጀሚርካ ኩለን እተን ሲቪላውያን ማሕበራት እየን።
4. ኣብ ተመኩሮና እተን ህዝባውያን ማሕበራት ናይ ሰበ-ስልጣን ውድባት እየን። ናይ ገዛእ ርእሰን ኣይኮናን። በተን ፖለቲካዊ ውድባት ቀይመን ነተን ዘቖመአን ፖለቲካዊ ውድባት ከኣ የገልግላን ይምእዘዛን። ተመልከት እቲ ሓቂ፣ ሓረስታይ ሓደ ክንሱ፡ ሰራሕተኛ ሓደ ክንሱ፡ ደቂ ኣንስትዮ ሓደ ክንሰን ተማሃሮ ሓደን ክንሶም ... ማሕበር ሰራሕተኛ፡ ሓረስቶት ... ጀብሃን ሻዕቢያን ነይሮምን ኣለዉን።
5. ንጋባእ ክሳብ መዓስ? ክሳብ ናይ ሃገረ-ኤርትራ ትካላትን ሲቪላውያን ማሕበራትን ነፍሲ-ሰሪዐን ጉዳይ ሃገር ክካታተላን ከፈጽማን ዝበቕዓ።
6. ንጋባእ ኣብ ግቡእ-ልዓቱ ኣእቲና ንመልከቶ። ንጋባእ ኣንጻር`ዚን ኣንጻር`ቲን ኣይኮነን። ንጋባእ እምባጓሮ ምፍጣር ኣይኮነን። ንጋባእ ህልም-ውልዕ ዝብል ህዝባዊ ናዕቢ ምፍጣር ኣይኮነን። ኣብ`ቲ ዝተናወሐ ዓቢ ስእሊ፡ ሕሉፍን መጻእን ሃገረ-ኤርትራ ህዝብን ኣርሒቕናን ኣዕሚቕናን ንመልከቶ። ኣብ ህልው ፖለቲካ ሃገርና ጥራሕ ዘተኮረ ኣይኮነን። ኩለን ባይቶታት ዲያስፖራ ኤርትራ ንዝተናወሐ

ህልውናን ቃልስን ክዕጠቓ ነማሕጽን። ብቐጻሊ ምግባእ ዝእለ ነዊሕን ዝተማሳቐለን ሽግራት ተጻዊንካ በቋራጭን ብቐሊሉን ከምዘይፍታሕ ክነስተውዕል ይግባእ።

7. ንጋባእ ክሳብ መዓስ? ሽግርና ክሳብ ዝፍታሕ። ቀጻሊ ሽግር እንተኣጋጠመናሽ? .. ብቐጻሊ ንጋባእ።
8. ንጋባእ ክሳብ መዓስ? .. ህዝባዊ ስልጣን ክሳብ ዝረጋገጽ። ዘመናውያን ትካላት ሃገርና ክሳብ ዓብየን ነብሰን ዝቖጻጸራ።
9. ብምግባእ ኣቢልና ዘዋህለልናዮ ዓወታት ከይቁጸ ብቐጻሊ ንጋባእ።
10. ከም`ተን ህዝባዊ ናዕቢታት ኣልዒለን ዝተጨውያ ኣህዛብ ከይንኸውን ብቐጻሊ ንጋባእ።
11. ንጋባእ ኪኖ ምሕደራ ኣስመራ እዩ። ምግባእ ኩለንትና ኤርትራ ፈቲሹ ሀ ኢሉ ንሃገርና ክሰርዓን ሓዱሽ ህይወት ክስርጸላን ዝኽእል ነዊሕ ዝጥምት ስትራተጂ እዩ።

## ሰ. ተግባራዊ ስእሊ ንጋባእ

1. ኣብ ኩሉ ከተማታትን ስፍራን ዘለኹም ኤርትራውያን ነጻ ባይቶታት ኣቑሙ፣
2. ቁጽሪ ኣባላተን ይውሓድ ይብዛሕ ብዘየገድስ። ብግብሪ ኣብ መፈለምታ ብኣጻብዕቲ ዝቑጸሩ እወን ክኾኑ ይኽእሉ።
3. ፍሉይ ኣርእስትታት እንተኸበደኩም ካብ ከባቢኹም ከተማታት ተመኩሮ ተለቅሑ፣
4. ነፍሲ-ወከፍና ብሓዱሽ ናይ ሕውየት ባህሊ ንበገስ።

ኣይንገባብር ንከባበር
ኣይንጎራራሕ ንገራራህ
ኣይንደፋፈር ንተሓፋፈር

ንነብስና እንተለዊጥና ካልኦት ከኣ ክልወጡ እዮም።

5. ኣታ ኤርትራዊ ውልቀ-ሰብ:
   5.1.ሃገርካ ከተድሕን ኣበርክቶኻ ጀምር፡
   5.2.ባዕልኻ እንተዘይተበጊስካ መን ሃገር ከድሕነልካ ትጽበ?
   5.3.በትሪ ሙሴ`ዶ ካብ ሰማይ ዝወረደ ማና`ዶ ዝብሉ ልዕለ ባህርያዊ ኣምራት፣ ማዓት ምቁር ጭርሖ ዝተዓጥቁ ምድራዊ ሓይልታት ... ከድሑኑኻ ኣይትጽበ። 25 ዓመታት ተጸቢኻ። ኩነታት እናሸለሐ፡ ናብ ዝኸፍአ ጥርዚ የምርሕ ኣሎ። እሞ`ሽ? ንስኻ ኢድካን እግርኻን ኣጣሚርካ መን ሃገርካን ህዝብኻን ንገዛእ ርእስኻን ከድሕነልካ ትጽበ?

6. ተጸባዪ ዝሃቡዎ ክቕበል ይግደድ። ጸዓሪ ግን ማዕረ ጸዓቱ ይክሓስ። መነኦም ምኻን ይሓይሽ?
7. እቲ ነጻነት ዘምጽአ <u>ኒሕ </u>ስዉኣት፡ እቲ ማዕረ ነብስኻ ዝበልዕ <u>ተወፋይነት</u>፡ እቲ ኣነ-<u>ክሓልፍ</u> ንስኻ <u>ጽናሕ</u> ዝብል ኣኽሊል ሃገር ዝደፍአ፡ ቃል-ቃል ዝብል ሃገራዊ ወኒ፣ እቲ በጃ ህዝበይ ክውፈ ዝብል <u>ጅግንነት</u> ... ናበይ ጠፍአ?? ስለምንታይ <u>ቂሂ</u>ሙ?
8. ሕፍረት ካብ ማዓሙቕ ክብረት እዩ ዝፍልፍል። እሞ`ሽ ኩነታት ህዝብና ስለምንታይ ኣየሕፍረናን? ንጋባእ ኢልካ ነብስኻ ናብ ኣኼባ ኤርትራውያን ምጽንባር`ሲ ማዕረ ክንደይ ዓቐበት`ዩ?

9. ብምስሉይነት ተኀቢጥና፤ ባህላዊ ተሓድሶ የድሊ ኣሎ።
   9.1.ክፉእ እናረአኻ ስቕታ፡
   9.2.ንዘይትፈልጦ እፈልጦ በሃልነት፣
   9.3.ንጉጉይ - ጌጋ፡ ንቕኑዕ - ቅኑዕ ዘይምባል፣
   9.4.ንዘይትኣምነሉ ምምእዛዝ፣
   9.5.በደልን ተንኮልን ኣብ ከባቢኻ እናተፈጸሙ ዘይምቁጣዕ። ንዝኾነ - ምቕባል .. ምጽዋር... ሞራላዊ ደረት ዘይምህላው .. .. ጥፍኣት ኮም፡ ጥፍኣት ህዝቢ፡ ጥፍኣት ሃገር.. .. ጥፍኣት`ቲ ውልቀ-ሰብ .. .. እዩ።

ህዝቢ ፍቕዲ ሰብ ኣይኮነን። ብባህልን ክብርን ዝተኣሳሰሩ ደቂ ሰባት እዮም። ክብርታቶምን መንነቶምን ዝተጋህሱ ሰባት - ህዝቢ ክበሃሉ ኣሸጋሪ እዩ። እሞ ኣታ ኤርትራዊ ውልቀ ሰብ .. .. ይኣክል! -- ይኣክል! - ይኣክል! ተጋባእ! - ተጋባእ! ! ተጋባእ!!!

## ሸ. ንጋባእን ኣከዳምያን፡

1. በኹሩ ኣከዳምያ ሃገር ኣዝዩ ሃሳዪ እዩ። ሃገረ-ኤርትራ በዚ ሽግር`ዚ ትሳቐ ኣላ። ኣብ ጊዜ ግሎባውነት፡ ኣብ ግዜ እዚ ዘይብሃል ምስፍሕፋሕ ተክኖሎጂ፡ ኤርትራውያን ምሁራት ጉቡእ ተራ ኣይተጻወቱን።
2. ካብ ዝናን ስምዒትን ከንቱነትን ክትርሕቑ`ሞ ኣብ`ታ ዓውደ-ሞያኹም ጸቒጥኩም ንጉዳይ ሃገርና ኣጽንዑልና እዩ ነይሩ እቲ ትጽቢት።
3. ኣይ ንዓኹም፡ ኣይ ንህዝብኹም፡ ኣይ ንሞያኹም ካብ ምኻን፡ ሰጥ ኢልኩም ነቲ ሓደ ከይነቕፍኩም ነቲ ካልእ ከየሞጎስኩም፡ ናይ ጽሞና መጽናዕቲ ንህዝብኹም ኣቕርብሉ።
4. ንኣብነት፡ ዝሓለፈ 25 ዓመታት-
   4.1.ፖለቲካ ኤርትራ
   4.2.ቁጠባ ኤርትራ
   4.3.ባህሊ ኤርትራ .. .. ብዘይ ጸጊዓዊ ህውተታ ክተቕርቡልና ንምሕጸነኩም።
5. ንኣጀንዳ ንጋባእ ብትዊተር፡ ብፈይስቡክ፡ ብብሎግ፡ ብእንተርነት ... ከተቃልሕዎን ክተካውስዎን ንጽውዕ። ብፍላይ .. ብፍላይ እቶም መንእሰያት ምሁራት፤
6. ምሁር ተራኡ ምስዝጻወት ፖለቲካ ሃገር ብግቡእ ክስራዕ እዩ። ሕጂ`ኮ ሃገርናን ህዝብናን መጻወቲ ቀለም-ቀመስ፡ መጻወቲ ናይ ቀባይል ተሓለቕቲ፡ መጻወቲ ቢሂጋዊ ፖለቲካ፡ መጻወቲ ዓንዳሪ ክለሳታት፡ መጻወቲ ተልመዴናት .. .. ኢና ኮንና!!! ማእ ከምዝበሎም ንገሌና ኣልዒሎም ንገሌና ከትሕቱ ዝውዕሉ ወረቐትን ቀለምን ዘላግቡ በዚሖም። ዒብ ዝብል ተሳኢኑ። ካብ በዓል ጣፍ`ሲ በዓል ኣፍ ዝብል ምስላ የዘኻኽረና።

## ረ. ንጋባእን ተመኩሮ ህዝብናን፡

1. ብደረጃ ዓዲ ሽግር ምስዘጋጥም፡ ዓዲ ተጋቢኣ ሽግራ ትፈትሕ።
2. ብደረጃ ሃገር ሽግር ምስዘጋጥም`ከ? .. .. ብደረጃ ሃገር ንጋባእ።
3. ንጋባእ መሳርሒ እዩ። ምስ ተጋባእና እዩ እቲ ዕላማታትን ኣተጋባብሩኡን ዝንደፍን ዝቕየስን።

4. *ንጋባእ ምቁር ጭርሖ ወይ ክለሳዊ ሕልሚ ኣይኮነን። ክትግብር ዝከኣል ንጡፍ ተሳትፎ ናይ ነፍሲ-ወከፍና ዝሓትት፡ ማዩ ዝሰተየ ናይ ጽሞና ስትራተጂ እዩ። እቶም ህጹጽ ፍታሕን ኣቋራጭን ንጽበ ከመይ ግጉያት ኢና!! ኩነታትና ከቢድ እዩ። ዘተኣማምን ኣተሓሕዛ ይሓትት። ንጋባእ ነዚ ጠለብ`ዚ የመልእ።*

## *ቀ. ንጋባእ-- ሓዱሽ ንቕሎ፣*

*ንጉስ ፈረንሳ ሉዊ መበል 14 ``እታ ሃገር ኣነ`የ። እቲ መንግስቲ ከኣ ናተይ እዩ።`` ኢሉ። እዚ ኣበሃህላ`ዚ ምስ ኩነታትና ማዕረ ክንደይ ይዛመድ ኣንባቢ ይመልሶ።*

*ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራን ህዝባዊ ግንባርን ``ህዝቢ`` ወይ ``ሓፋሽ`` ዝብል ፖለቲካዊ ሰነ-ቃል ይጥቀማ። ምስ ፖለቲካዊ እምነተን ዘይቃዶ ኤርትራዊ ውልቀ-ሰብ ``ዓማ`` ወይ ``ዋህዮ`` ዝብል ቅጽል ጥቂነን ከምድላየን ይኣስረኦን የጋፈዐኦን።*

*ካብ ብሕጂ ``ህዝብን`` ``ልዕላውነትን`` ዝብል ኣምር ግቡእ ትርጉሙ ክሕዝ ኣለዎ። ህዝቢ ክንብል ከለና ኣብ`ቶም መስረቲ ዲሞክራሲ ንወከስ። ንህዝቢ `ደሞስ` ይብልዎ። `ደሞስ` ማለት ልዑላውነት ዘረጋገጸ ህዝቢ ማለት`ዩ። `እትኖስ` ክብሉ ከለዉ ድማ ማሕበረ-ባህላዊ ህልውና ዘለዎ ኮም እዩ።*

*ስለዚ ንሕና ህዝብና ክንብል ከለና ከም ሓደ ጆ`ኸታ፡ መንነትን ክብርን መሰልን ዘይብሉ እ`ኽብካብ ሰባት ዘይኮነስ መሰልን ክብርን መንነትን ዘለዎ በዓል ታሪ`ኽ ልዕላውነቱ ዘረጋገጸ ህዝቢ ማለት`ዩ።*

*እቲ ኤርትራዊ ውልቀ-ሰብ ከኣ ከም ወዲ`ዚ ህዝቢ`ዚ ከም ምሉእ መሰልን መንነትን ዘለዎ ሰብ ድኣም`በር ከም ሓደ ግኡዝ (ኣ`ቕ`ኻ) ከምድላይካ ትገፍዖን ትቐትሎን ትኣስሮን ኣይኮነን።*

*ድሕሪ ሕጂ እቲ `` ቦታን ቆላሕታን`` ናይ`ቲ ኤርትራዊ ውልቀ-ሰብ ክ`ኽብር እዩ። መን የ`ኽብሮ? .. ባዕሉ። ንመሰሉ ከረጋግጽ ብንጡፍ ተሳትፎኡ ይጋባእ። እቲ ስልጣን`ከ ኣበይ ኣሎ? ኣብ`ቲ `ደሞስ` (ኣብ`ቲ ህዝቢ)። ነቲ ስልጣኑ ከኣ ብምግባእ የረጋግጾ።*

*ክቡር ኣንባቢ፡ ንሕና እቶም ኣብ ስትራተጂ ንጋባእ ንእምን ደቂ ሃገር፡ ልክዕ ከማ`ኻትኩም ተራ ኣባላት ህዝቢ ኢና። ንድሕነት ህዝብና ዝመስለና ርእይቶታት ነ`ቕርብ ኣለና። ከተስፍሕዎ፡ ከተዕምቑዎ፡ ክትእርምዎ፡ ነተባብዕን ንጽውዕን። ንጋባእ ናይ መላእ ህዝቢ መኣዲ-ዘተ እዩ። ህዝቢ ዋንኡ፡ ህዝቢ ዕላምኡ፡ ህዝቢ ኣተግባሪኡ። ዎ ድሓንኩም ኣብ መጻኢ መደብ ንራ`ኽብ።*

ካብ ምንቅስቓስ ንጋባእ

**ጥሪ 10፡ 2016**